# ሰንበት ዘቅበላ

## የካቲት 9 2017 ዓ.ም.(የካቲት 16 2025)

**መዝሙር፡** ወብዙኃን ኖሎት... ያዕቆብ ዕጡቕ ሕቑኡ ክሳብ ዝመጽእ ብዙሓት ጓሶት ነታ እምኒ ካብ አፍ ዔላ ክግልብጥዋ አይከአሉን። ንሱ ከፊቱ መጓሰኡ አስተየ፥ ከምኡ ብዙሓት ነብያት መጽኡ ግን ንጥምቀት ክሳብ ዓቢ ጓሳ ዝመጽእ ክኸፍትዋ አይከአሉን፥ ንሱ አብአ ብዙሓት አሕዛብ አጥመቐ፥ ተአምራት መድኃኒና ዘደንቕ እዩ፥ ከምቲ በትሪ ካብ ዘርኢ እሰይ ብአምሳል በትሪ ያዕቆብ መጓሰ አባግዑ ዝሕልወላ ዝወጸት ንሳ ማርያም እያ። ከም ዝበሎ በትሪ ክትወጽእ እያ ዕምባባ አብአ ክርአ እዩ፥ ንሱ ሓደ እዩ ንሱ ወዲ አምላኽ እዩ።

**ንባባት፡** 1ቆሮ. 3፡16-23፥ 1ጴጥ. 2፡20-ፍ፥ ግ.ሓ. 11፡1-19፥ ማቴ 5፡38-48።

**ስብከት፡** አግረረ ለነ አሕዛበ ታሕተ እገሪነ፥ ወኃረየነ ሎቱ ለርስቱ፥ ሥኖ ለያዕቆብ አፍቀረ።

### ትርጉምን እንታይነትን ቅድስና።

ስለ ምንታይ ቅዱሳት ክንከውን ዝድለ? መገዲ ቅድስና አበይን ከመይን ይርከብ? ቅዱሳት ክንከውን አሎና ምኽንያቱ እግዚአብሔር ቅዱስ እዩ፥ ከምኡ ብአምሳሉ ተፈጢርና። ግን እንታይ እዩ ቅድስና? ብዙሕ ጸሎት ብምግባር ዝርከብ ድዩ? ብዙሕ ጊዜ አብ ቤተክርስትያን ብምሕላፍና ዝርከብ ድዩ? አብ ሌዋውያን 19፡1-18 ዘሎ እንተ አንበብና ብሕጽር ዝበለ ንኸማኻ ዘመሰለ ሰብ ዘይምጽላእ ንብጻይና ከም ነፍስና ምፍታው ዝርከብ ሓወኛ ሕይወት ምዃኑ ነንብብ። ብሓጺሩ ምስ ኩሉ ከምቲ አምላኽ ዝደልዮ ኮንካ ምንባርይ እዩ። ንሕና ንኹሉ ብቐሊል ስለ እንወስዶ ንጥቕሚ ርእስና ጥራሕ ንሰርሕ ሽዑ ካብ መገዲ አምላኽ ወጺእና ንአምላኽ ብዝተፈለለዩ ነገራት ንትክአ። ካብቲ ዝገርም ሰብ ጥራሕ እዩ ንአምላኽ ብኻልእ ነገር ክትክእ ዝኽእል። ክርስቶስ አብ ስብከቱ ከም ርእስና ጌርና ከምኡ ንኻልኦት ከአ ክንገብረሎም ይደልየና ሽዑ አምላኽ ምሳና አሎ እዚ ኸአ እዩ እቲ ቅድስና እንብሎ ምስ እግዚአብሔር ምዃን።

አብ ናይ ሎሚ ወንጌል ሕነ አይትፍደዩ ይብለና። አብ ትምህርቱ ኢየሱስ ነቶም ዝሰምዕዎ ዝነበሩን ነርድእቱን ካብኦም ካብቲ አብ ብሉይ ኪዳን ዝነበረ ዝያዳ ከም ዝጽበ ነጊርዎም። ዓይኒ በዛ ዓይኒ ስኒ በዛ ስኒ ከም ዝተባህለ ሰሚዕኩም አሎኹም እዚ ምኽሪ ንርእሲ ምክልኻል እዩ ማለት ልክዕ ከምቲ ጻላኢኻ ዝገበርካ ግበሮ እምበር ካብቲ ንሱ ዝገበሮ ንላዕሊ ሕነ አይትፍደ ማለት እዩ። ሕነ ብቤት ፍርዲ እምበር ባዕልኻ ሕነ ክትፈዲ አይክአልን እዩ። አብዚ እዋና ሰባት ብዝተዓጻጸፈ ሕነ ክፈድዩ ክድልዩ ንርኢ።

**ዘይምቅዋም፡**

ኢየሱስ ንኽፉእ አይትቋወምዎ ይብል።የማነይቲ መትልሕትኻ ንዝጸፍዓካ ግና እታ ኻልአይቲ እውን ምለሰሉ፥ ነቲ እጀ ጠባብካ ኺወስድ ኢሉ ዚኸሰካ ነጻላኻ እውን ኀደገሉ፥ ሓደ ምዕራፍ ምስኡ ክትከይድ ንዝገደደካ ክልተ ምዕራፍ ምስኡ ኺድ. . ኢልዎም። አብ ተግባር ክተውዕሎ ዘይክአል ትምህርቲ። ሓደ ንርእሱ ዝተአማመን ሰብ ከመይ ገሩ ነዚ ፈራሕ ዘምስል ትእዛዝ ክፍጽም ይኽእል። ሰብ ብባኅሪኡ ንዝዓመጸ አይኮነ ብዝኾነ ካልእ ምኽንያት እውን ብኻልኦት ንዝመጸ ዓመጽ አይጻወርን እዩ። ሕኒኡ ዘይፈዲ ወዲ አድጊ ንብል። ሕነኻ ዘይምፍዳይ ከቢድዩ።

ሕነና እንተ ዘይፈደና ስዕረት ድዩ? ከመይ ምስ ኮነ እዩ ሓደ ሰብ ስዒሩ ዝብሃል፥ እቲ ሕኒኡ ዝፈጸመ ወይስ እቲ ተጸፊዑ እንክሎ ሱቕ ዝበለ። መን እዩ ዕዉት ዝብሃል?እቲ ክፉእ ንዝገበሮ ዘጥቅዖ ከምኡ ዘይገብር እሞ ኣብ ደረጃኡ ከይወድቕ ዝኣቢ ንሱ እዩ እቲ ዕዉት ዝብሃል። ኣብ ቂምታ ኣብ ሕነ ምፍዳይ ዝዋፈር ሰብ ቅሳነት የብሉን። ንቑጥዓ ሓውና ዝሑል ማይ ክንደፍኣሉ እንክሎና ጥራሕ እዩ እቲ ዓወት።

ሰለስተ ትርጉም ዘልኤን ምሳሌታት ወንጌል ኣብ ተግባር ክርአ እንክሎ።

1. የውሓንስ ፓውል ዝተባህለ ኢየሱሳዊ ጸሓፋይ ከም ዝብሎ ሓደ ሰብኣይ ካብ ሓደ ኩሉ ጊዜ ዘዋርዶ ዝጸርፎ ሰብ ጋዜጣ ንግሆ ንግሆ ይገዝእ ነበረ ይብል። ሓደ ነዚ ኩነታት ዝተዓዘበ ሰብ ከመይ ገርካ ነዚ ክትጸወሮ ክኢልካ ኣሎኻ እናጸረፈካ ብዘይ ሓደ መልሲ ንግሆ ንግሆ ካብኡ ጋዜጣ እትገዝእ እናበለ ክሓቶ ጀመረ፥ እቲ ሰብኣይ ስለ ምንታይ ክልተና ክፉኣት ንኸውን? ስለምንታይ ኣብቲ ንሱ ዝገብሮ ነገር ዝኣቱ? ስለምንታይ ካልእ ሰብ ንስምዒታይ ክጻወተሉ ዘፍቅደሉ ኢሉ መለሰሉ። ሓደ ሰብ ሕማቕ እንተገበረና ከምኡ ሕማቕ እንተ ፈደናዮ ኣብቲ ሕመቑ ኣቲና ማለት እዩ ስለዚ ንሕማቕ ብጽቡቕ ክንዕወተሉ ይግባእ። ንናጽነትካ ዘሕድግ ነገር ከይትገብር ምጥንቃቕ ናጽነቱ ዝተሓድገ ሰብ ጥራሕ እዩ ሕነ ዝፈዲ። ሰባት ነጻነትና ከይሕድጉና ክንጥንቀቕ ይግብኣና።

2. ኣብ To Kill a Mockingbird ዝብል ምርኢት ፊልም ጆርጅ ፐክ ዝተባህለ ኣብ ክንዲ ናይ ሓደ ጸሊም ንሓንቲ ጓል ዝዓመጸ ጠበቓ ኮይኑ ይዓዪ። ሓደ መዓልቲ ሓደ ጻዕዳ ካብቶም ደቂ እታ ከተማ ናብ ፐክ ቐሪቡ ኣብ ገጹ ጡፍ ኢልሉ እዚ ኸአ ሕርቃኑ ክገልጽ ኢሉ እዩ ምኽንያቱ ንሓደ ሓርፋፍ ጠቃር ጸሊም እሞ ንጻዕዳ ዝዓመጸ ጠበቓ ብምዃኑ እዩ።ፐክ ከይተረበሸ ሱቕ ኢሉ መንዲሉ ኣውጺኡ ብዘይ ዘረባ ነቲ ኣብ ምዕጉርቱ ዝነበረ ጥፍጣፍ ጸሪጉ ሓንቲ ኣይበለን ሓንቲ ኸአ ኣይገበረን። ኣብዚ ንጹር እዩ መን ካብኦም እዩ መንነቱ ዘዋረደ። ፐክ ብትዕግስቱ ነቲ ናይ ጡፍ ዝበለሉ ውጹቕ ጌጋ 180 ዲግሪ ቀይርዎ። እቲ ጡፍ ዝበለ ሰብ ጌና ኣብ ወገን ዓለት ሓንቲ ከየረጋገጽካ ብስምዒትን ሃውርን ተበጊሱ እዩ ነዚ ነውራም ተግባር ዝፈጸመ። ኣብ ዝተገብረ መርመራ ነታ ጻዕዳ ዝዓመጸ ካልእ ጻዕዳ እዩ ነሩ። ንሓቂ ንግጉያት ብምጻር ኣብ ማዕለቢኡ ክነብጽሖ ንኽእል።

3. ኢየሱስ ኣብ ቅድሚ ከሰስቱ ኣብ መጋብየኣ ደው ኢሉ እንክሎ ሓደ ኣብ ገጹ ከምዚ ኢልካ ንሊቀ ካህናት ትምልሰሉ ኢሉ ጸፊዕዎ። ክምልሰሉ እንክሎ እንትይ ኢልዎ ነታ ካልኣይቲ ምዕጉርቱዶ ሂብዎ? ብርግጽ ከምኡ ኣይገበረን። መሊሱ እውን ኣይሃረሞን። ከምዚ ጥራሕ ኢልዎ፥ ክፉእ ገረ እንተ ኾይነ እንታይ ገረ ንገረኒ እንተ ዘይኮነ ስለ ምንታይ ትጸፍዓኒ፥ ኣብኡ ሕርቃን ጽልኢ ሕነ ምፍዳይ ኣይነበረን፥ ብህዱእ መንፈስ ምስ ምሉእ ምልኪ ርእሱ ነቶም ዝኸሰዎ ዝነበሩ ክምልሰሎም ይርአ። ንሱ ክብረቱን መንነቱን ክዕቅብ እንክሎ ጸላእቱ ግን ኩሉ መአዝኖም ኣጥፊኦም ነሮም። ኣብ ሕይወት ሰባት እንተ ረኣና ሓቂ ዘይሕዙ ምስ ዝኾኑ ቀልጢፎም ንጽልእን ዕግርግርን ዝዕድም ኩነታት ይፈጥሩ። ንኻልእ ከካፍኡ ደቒቕ ኣይወስደሎምን እዩ። እቲ ሓቀኛ መልሲ እዚ ኢየሱስ ዘስተምህረና እዩ። ኢየሱስ ዝሃበና ኣብነት ብሰባት ክንጥቃዕ ከሎና ስምዒትና መሊኽና ክንምልስ ከሎና ዓወት ምሳን ምዃና ኣርእዩና።

ነዚ ሰለስተ ምሳሌታ ኣተኩርና ክንርእዮ ከሎና ፍሉይ ትርጉም ንሕይወትና ኣለዎ። ንኻልኣይቲ ምዕጉርትኻ ሃብ ክብለና እንክሎ ሕመቕ ኣይኮነን። ውሽጣዊ ሓይልን ርእሰ ምትእምማን ይሓትት። ነዚ ኣብ ኩሉ ዓለማዊ ምርኢታት ኣይንርእዮን። ዓለምና እንተ ተዓዘብናዮ ሰባት ኣብ ነንሕዶም

ክናቐቱ ክጣፍኡ ኢና እንርኢ። ኣብ ተግባር ከም ዝርአ ሰባት ኣብ ነንሕዶም ከጥፍኡ ክጽዕሩ ከለዉ ጥፍኣት ዕንወት እዩ ዝኽተል። እዚ ኣብ ታሪኽ ደቂ ሰብ ተራእዩ ሎሚ እውን ብግብሪ ንርእዮ ኣሎና። ካብ ሕነ ምፍዳይ ዝርከብ መኽሰብ የለን። ንኽፉእ ብጽቡቕ ክንትክኦ ከሎና ጥራሕ እዩ ሓቀኛ ሕይወት ክመጽእ ዝኽእል። ነዚ ክነተግብር ግን እንኽፍሎ ኣሎ። ደም ክጥእመና እዩ፥ ንስምዒትናን ንናይ ሰባት ዘረባን ዋጋ ከይንህብ ክንጥንቀቕ ኣሎና። ርእስና መሊኽና ንሓቂ እንተ ሰዓብና ሽዑ ዓወት ምሳና ኣላ።

## ምስ ጸላኢኻ ዘተ ምግባር።

ኢየሱስ ግና ኣይወድኤን ኣሎ ንጎረበትካ ከም ነፍስኻ ገርካ ኣፍቅር ንጸልኢኻ ግን ጽላእ ከም ዝተባህለ ሰሚዕኩም ኣሎኹም፥ ኣነ ግን ጸላእትኹም ኣፍቅሩ ምእንቲ እቶም ዘሳድድኹም ጸልዩ ሽዑ ደቂ እቲ ሰማያዊ ኣቦኹም ክትብሃሉ ኢኹም፥ ንሱ ፀሓዩ ኣብ መንጎ ኃጥኣንን ጻድቃንን እዩ ዘብርቕ፥ ዝናሙ ንጻድቃንን ኃጥኣንን እዩ ዘዝንብ። ዘፈቅሩኹም እንተ ኣፍቀርኩም እንታይ ዓስቢ ኣሎኩም፥ ኣኽፈልቲ ቀረጽ እውን ከምኡዶ ኣይኮኑን ዝገብሩ፥ ንሓውኹምን ሓፍትኹምን ጥራሕ ሰላም እንተ በልኩምድአ ካብ ካልኦት ብምንታይ ትፍለዩ?ኣረማውያን እውን ከምኡዶ ኣይኮኑን ዝገብሩ እናበለ ትምህርቱን መገዱን ሓቢርዎም።

ሓሚሙ ድዩ ነሩ ነዚ ክብል ከሎ?እንታይ እዩ ዝብል ዘሎ ከምዚ ክብል እንከሎ ኩልና ወላ እውን ሕሱም ነገር ንዝገበሩ ክንምሕሮም ድዩ ዝብል ዘሎ። ከመይ ገርና ኢና ነቶም ክፉእ ዝገብሩና ክነፍቅሮም እንኽእል። እሞ ክፉኣት ርጉማት ምጂኖም ኣጸቢቕና እንፈልጦም? ቀተልቲ ሰብ ሓረድቲ ገፋዕቲ ሞትካ ዝምነዩ ውድቀትካን ሕሰረትካን ንዝምነዩ ከመይ ገርካ እዩ ክምሓር ዝኽእል። ብሓቂ ከቢድ ነገር ግን ክንገብሮ ዘሎና። ንእተጸልኦ ኣብ መኣዲ ዘተ ክትዕድሞ ከሎኻ ሰይጣን ይስዓር። ኩሉ ኩነታት ኣብ ግምት ኣእቲኻ እቲ እንኮ ፍታሕ ገጽኒ ግንባርን ኮንካ ንጸልማት ዘሎ ሕይወት ብርሃን ምኹላዕ እዩ እቲ ቁምነገር።

## እቲ ጸገም ክተፍቅር እዩ።

ንጸልእትኹም ኣፍቅሩ፥ ከም ነፍስኹም ኣፍቅርዎም ይብል። እቲ ዝኸበደ ትእዛዝ እዚ እዩ ንኣና ንደቂ ሰብ። መድኃኒና ነዚ ኣብ ግብሪ ኣርእዩና። ኣብ መስቀል እናገዓረ ንጸላእቱ ዝገብርዎ ኣይፈልጡን እዮም እሞ ምሓሮም ክብል ንሰምዖ። ንሕና እውን ናብዚ ርድኢት በጺሕና ናይ ወገና ዕዉር ሕልና ብፍቕሪ ክንስዕሮ ድላይ ኣምላኽ እዩ።

ብሓፈሻ ክርአ ከሎና ፍቕሪ ዘይትርጉሙ ሒዙ ክጉዓዝ ንርእዮ፥ ኣነ ንሓደ ኣፍቅሮ/ራ ክብል ከሎኹ ብስምዒተይ እፈትዎ ኣብኡ ፍሉይ ስምዒት ኣብኡ ዘቕርብ ነገር ኣሎኒ እፈትዎ። ኣብ ስምዒተይ ኣብኡ/አ ዘቕርብ ነገር ኣሎኒ። ንግዳማዊ ስምዒተይ ደስ ዝብሎ ኣብዚ/አ ሰብ ስለ ዘሎ ክፍተወካ/ ክትፍተዋካ ጨው ዘለዎ ዘለዋ እናበልና ነቲ ግዳማዊ ምኽንያት መፍቀሪና ንገልጽ እንተኾነ እቲ ሓቀኛ ፍቕሪ እዚ ኣይኮነን። ኢየሱስ ነዚ ዓይነት ፍቕሪ ግዳማዊ ኣፍኣዋኢ ይብሎ።

ኣብ ቋንቋ ወንጌል ምፍቃር ማለት ናይ ሓደ ሰብ ድሓን ወይ ጽቡቕ ምምናይ እዩ ዘስምዕ። ሓደ ትርጉም ጥራሕ እዩ ዘልኦ፥ ብዘይ ቅድመ ኩነት ንሓደ ሰብ ጽቡቅ ነገር ጥራሕ ክትገብር እንከሎኻ ዝርከብ እዩ። ምስ ካልእ ክፈቐር ኣይኮነን ዝሓተኒ ዘሎ ወይ ምዉቅ ስምዒት ምስ ሓደ ክፉእ ዝገበረኒ ከጥሪ ኣይ ኮነን ዝሓተኒ ዘሎ። እዚ እንተ ኾነ ምልጋጽ እዩ። ብሓቂ ነቶም ክፉእ ዝገብሩና ዘሳድዱና ብሓቂ ሰናይ ክንምነየሎም ከሎና እዩ እቲ ሓቀኛ ፍቕሪ። ካብቲ ዓዘቕቲ ዘይሓቀኛ ፍቕሪ ክነውጽኦም ክንጽዕር እንከሎና ሽዑ እዩ እቲ ሓቀና ፍቕሪ እምበር ኣብ ወገነይ ዓርከይ ሓወይ ሓፍተይ ጥራሕ ዝተደረተ ፍቕሪ መንፈስ ክርስቶስ የብሉን። ኩነታቶም ክቕይሩ ምእንቲ ክንጽልየሎም ይግባእ፥

ምእንቲ ጥቕሚ ርእስና ዘይኮነ ምእንቲ ድሕነት ነፍሶም እውን። ካብ ጸላእትን ጎዳእቲን ናብ አፍቀርቲ ብኻልኦት ዝግደሱ ክኾኑ ክንጽልየሎም ይግባእ።

## ካብ ኩሉ ውጹዓት ሓገዝ ዘድልዮም።

ብሓቂ ክንርኢ እንተ ድአ ኮይኑ ካብ ዚኦም ንላዕሊ ጸሎት ዘድልዮ ሰብ የለን። ብኻልእ አዘራርባ ነዞም ከምዚኦም ዝበሉ ሰባት ክንጸልኦም እንተ ደአ ኮና ንርእስና ከምአቶም ንገብራ አሎና ማለት እዩ፥ ንርእስና አብቲ ደርጅኦም ነውርዳ አሎና ማለት እዩ። አብ ዕለታዊ ሕይወትናን ዓለምና ከም እንርእዮ ዘሎና ጽልእን ዓመጽን ብጽልእን ግፍዕን ክምለሱ ኢና ንርኢ ዘሎና። ሰብ ንሰብ ከካፍእ ንኃጢአት ጠኒኖም ክአትዉ ክገፍዑ ንሰባት አብ ናይ ጽልኢ መአዲ ጥራሕ ክነብሩ ዝደልዩ ውሑዳት አይኮኑን።

ጽልኢ አብ ልቡ ሒዙ ዝነብር ሰብ ኩሉ ጊዜ ቅሱን አይኮነን ብቐሊል ይሓርቕ አብ ልቡ ጽልእን ግፍዕን ኩሉ ጊዜ አሎ። አብ ገለ እዋን ንሰባት ብምጽላእና ዝቐጻዕናዮም ኮይኑ ይስምዓና እዩ እንተ ኾነ ንርእስና ኢና እንቐጽዕ፥ ንርእስና ናይ እቲ ጽልኢ ገንሸላት ን'ኸውን። አብ እዋናት ጽልእን እንርእዮ ጠባያትናን አካይዳናን አብ ልዕሊ ሰባት መለክዕ ናይ አብ ልዕሊ ሰባት ዘሎና ተገዳስነትን ርድኢትን ዝገልጽ እዩ። ከምቲ ኢየሱስ ዝበሎ ንመቕርብካ ንጽቡቕ ዝገበሩልካ ክተፍቅር ቀሊል እዩ፥ ምስቲ ናይ ወንጌል ክነማስሎ እንተ ኾና ተሮሪስትስ ንከምኦም ዝአመሰሉ ተሮሪስትስ የፍቅሩ እዮም። ማፍያ ንማፍያ የፍቅርዎም አሕሊፎም አይህብዎምን እዮም፥ ን'ኻልእ ግን አየፍቅሩን እዮም። ናታትና ፍቕሪ ግን አብቲ አምላኽ ንሰብ ክፈጥሮ እንከሎ ዝገለጾ ፍቕሪ አብቲ ክርስቶስ አብ መስቀል ክመውት እንከሎ ዘርአዮ ፍቕሪ፥ አብቲ ዕለት ዕለት ብመአዲ ቅዱስ ቍርባን አቢሉ ክንቕበሎ ከሎና ዘርአዮ ፍቕሪ ዝተመስረተ እዩ። ንአምላኽ ክነፍቅር ንሓውና ነፍቅር ዝበለ ቅ. ዮሓንስ አብኡ እዩ ትርጉም ፍቕሪ እንምሃሮ።

## ፍጹማት ኩኑ።

አብ ናይ ሎሚ ወንጌል አብ መወዳእታ ብኸምዚ ይዛዝሞ፥ ከም ሰማይዊ አቦኹም ፍጹማት ኩኑ፥ ነዚ ከም ናይ መጨረሽታ ዓላማና ገርና ክንጉዓዝ ይግብአና። አብዚ እቲ ፍጽምና ፍጹም ፍጽምና ማለት አይ ኮነን ኩሉ ጊዜ አብ ጉዕዞ ፍጽምና ክንርከብ ንፍጽምና አምላኽ አብ ቅድመና ገርና ሕይወትና ክንመርሕ። ከምቲ ሰማያዊ አቦና ን'ኹሉ ብማዕረ ዘፍቅር ንሕና እውን ከምኡ ክንገብር። ምስኡ ክንውሃሃድ እንተ ደአ ኮና አሰሩ ክንክተል አሎና። ካብ ዝኾነ ሰብ ፍቕርና ክንስሕብ ወይ ከየፍቀርና ክንነብር ሓንቲ መሰል የብልናን ክነፍቅር ጥራሕ እዩ ዘሎና። ሰባት ንፍቕርና ወይ ንፍቕሪ አምላኽ እንተ ዘይመለሱ ጸቡቕ አይኮነ ግን ጉዳዮም እዩ ንሕና ክነፍቅር እዩ ዘሎና።

## ስለ ምንታይ ኢና ንሰባት ብኽብርን ተገዳስነትን እንሕዞም?

ንዕብየት መንፈሳዊ ሕይወትናን ቅሳነት ክንረክብን እንተ ደአ ኮና አብ ሰባት ዘሎና አረአእያ ከምቲ ክርስቶስ ዝደልዮ ገርና ክንጉዓዝ ይግብአና። ኢየሱስ ዝሓተና ዘሎ ሱቕ ኢሉ ትርጉም ዘይብሉ ወይ ዘይክአል ነገር አይኮነን ዝሓተና ዘሎ፥ ንሱ ዝሓቶ ዘሎ ዓይንና ክንከፍት እሞ ነቲ ሓቂ ጥራሕ ርኢና ክንክእል ምስቶም አብ ከባቢናን ምሳና ዘለዉ ሰባት ብሓቂ ክነብር። ስለምንታይ ንሰባት ነኽብሮምን ንግደሰሎማን ቅዱስ ጳውሎስ ከምዝብለና አብ ሎሚ ዝተነበ ንስኻትኩም ቤተመቕደስ አምላኽ ኢኹም መንፈስ አምላኽ አባኹም ይነብር። ሓደ ንቤተ መቕደስ አምላኽ እንተ አፍረሰ አምላኽ ነቲ ሰብ ከፍርሶ እዩ። ቤተ መቕደስ አምላኽ ቅዱስ እዩ እሞ ንስኻትኩም እቲ ቤተመቕደስ ኢኹም ይብል። እዚ/አ አብ ጎነይ ዘሎ ሰብ እዚ ቤተ መቕደስ እዩ። አብዚ/አ ምሳይ ዘሎ/ዛ አምላኽ አሎ ንአይ መገዲ አምላኽ ክሕብሮ ከፍቅሮ ክቕይሮ ብአምላኽ ዘሕትተኒ እዩ። አብዚ ቅዱስ ጳውሎስ ብፍሉይ

ንክርስትያን እዩ ዝብል ዘሎ ግን ከአ ኩልና ብአምሳል አምላኽ ዝተፈጠርና አምላኽ አብ መንጎና አሎ።

## ህላዌ አምላኽ።

ብሓፈሻ ጸዋዕታና ህላዌ አምላኽ አብ መንጎና አለሊና ክንክእል አብ ነፍሲ ወከፍ ሰብን ፍጡርን ዝኄነፈና መሊስና ክንክእል እዩ። ንሶም ዝገብርዎ ብዘየገድስ አብ ፍቕሪ ዝተመስረተ ሓቂ ሒዝና ክንምልስ ይግባእ። ወላ እውን ሓደ ሰብ እናፈለጠ አንጻር መገዲ አምላኽ እንተ ኸደ አንፈትና ክንቅይር አይግባእን። ሽዑ አዩ አምላኽ ብአይ ገሩ ነቲ ኻልእ ሰብ ዝዛረቦ። አብ ነነድሕድና እንገብሮ ምጥሓስ ፍቕሪ አምላኽ ንህላዌ አምላኽ አብ መንጎና የዝሕሎ። ሰብ መጠን ክፉእ ዝገበረሉ መጠኑ አምላኽ ከም ዘድልዮን ፍቕርን ሓልዮትን ከም ዘድልዮ ኢና እንርኢ።

አብ ምጅማር ከም ዝበልክዎ ናይ ሎሚ ቃልት አምላኽ ብዛዕባ ቅድስና እዮም ዝዛረቡና። እምብአር ቅድስና አበይን ከመይን ከም እትርከብ ርኢና አሎና እስከ ንልበሳ ናትና ንግበራ። አነ ቅዱስ እየ እሞ ቅዱሳት ኩኑ ይብለና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ